ንዓኻ ኣብ ኮሙናዊ ናይ በጽሒታት ቤትትምህርቲ፣ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት ትመሃር ዘሎኻ
**Till dig som följer undervisningen i kommunal vuxenutbildning i svenska för invandrare**

# ሃገራዊ ደምዳሚ-ፈተና (sfi)

ሰላም!

ኣብዚ ቀረባ ጊዜ፣ ናይቲ ኣብ ኮሙናዊ ናይ በጽሕታት ቤትትምርቲ ትመሃሮ ዘሎኻ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (sfi)፣ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ደምዳሚ-ፈናታት ክትገብር ኢኻ። እቲ ዕላማ ናይ'ዚ ፈተናታት ድማ፣ ነቲ ኣብዘን ክፉል ትምህርትታት እዚኣን ክትበጽሖ ዝተመደበልካ ናይ ደረጃ መዓቀኒታት፣ ክሳዕ ክንደይ ከም ዝተዓወትካሉ፣ ነቲ መምህር ገምጋም ንኸገብር ከኽእሎ ብማለት እዩ። እቲ ዝግበር ፈተናታት ብተወሳኺ፣ ነቲ ናይ ኩሎም ተመሃሮ ፍልጠት፣ ብማዕርነት ንኽትግምግሞ ንኽሕግዝ'ውን ጠቐሜታ ስለ ዘለዎ እዩ።

እቲ መሰረት ናይቲ ፈተናታት፣ ኣብ ኣቀራርብኡ ይኹን ኣብ ኣገማግምኡ፣ ምስቲ ኣብ ኮሙናዊ ናይ በጽሕታት ቤትትምርቲ ትመሃሮ ዘሎኻ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (sfi) ናይ ትምህርቲ መደብ ዝተተሓሓዘ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ተመሃራይ፣ ካብቲ ዘለዎ ፍልጠታት፣ ክሳዕ ዝኣኽሎ ከመስክረሉ ዚኽእል ዕድል ክወሃቦ እዩ።ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ፈተና፣ ኩሉ ክትምርመረሉ ከም ዘይትኽእል ፍሉጥ'ዩ። ስለዚ እቲ ሃገራዊ ፈተና፣ ሓደ ክፉል ናይቲ ጠቕላላ ገምጋም ኰይኑ፣ ከም መንጸፍ ናይቲ ደምዳሚ ነጥብኻ ኣብቲ ዝወስድካዮ "ኮርስ" ክኸውን እዩ። እዚ ሃገራዊ ፈተና'ዚ፣ ኣብቲ ናትካ ነጥቢ ምግምጋም፣ ሓደ ኣገዳሲ ክፉል ክኸውን እዩ። ይኹንእምበር እቲ መምህር ክግምግም ከሎ፣ ነቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ዘሎካ ፍልጠታት፣ ብምልኣት ብድሕሪ ምዕዛብ እዩ።

## እዚ ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (sfi) ከመይ ክመስል'ዩ?

እቲ ዋና ትሕዝቶ ናይ ፈተና፣ ክተንብብን ክትርዳእን ምኽኣል፣ ክትዛረብ፣ መደረ ክርድኣካን፣ ብዛዕባ ነንበይኑ ምስ መዓልታዊ ጉዳያትን ምስ ስራሕን ማሕበራዊ ህይወትን ዝተኣሳሰሩ ኣርእስትታት ክትጽሕፍ ምኽኣልን እዩ።

ነቲ ፈተና ንኽትውድኦ ካብ 4 ክሳብ 5 ሰዓታት ኣቢሉ ዝወስድ

እዩ። እቲ ፈተናታት ኣብ ነንበይኑ ክፉላት ዝተመቓቐለ እዩ።

- እቲ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክፉል፣ ክልተ ማዕረ ምቃላት ዝሓዘ እዩ። እቲ ሓበሬታታት ብሓጻርቲን፣ ቅሩብ ንውሕ ዝበለ ጽሑፍን ዝቖመ እዩ።
- እቲ ሰሚዕካ ናይ ምርዳእ ክፉል፣ ብሓደ ንkurs C ከምኡውን ንD ዚምልከት ፈተና ዘሎዎ እዩ። ክልተ ካልኦት ጽሕፋት ድማ ንkurs B ዝምልከት ሕቶታት ዘሎወን እየን። እቲ ናይ ፈተና ሕቶታት፣ ብዝተቐድሐ ቃለ-መሕትት፡ ዝርርብ፡ ወይ ዜናታት ዝቖመ እዩ።
- እቲ ናይ ጽሑፍ ክፉል፣ ናይ ምጽሓፍ ዓቕምኻ ዝፍትን መርመራ፣ ብጽሑፍ እተቐርቦ 1 ንናይ kurs B ከምኡውን ናይ kurs C ዚምልከት ጽሑፍ'ዩ። ንkurs D ዚምልከት ድማ፣ 2 ብጽሑፍ እተቐርቦ ናይ ጽሑፋት መልሲታት እዩ።
- እቲ ናይ ዝርርብ ክፉል፣ ናይ ምዝራብ ዓቕምኻ ዝፍትን መርመራ፣ 1 ሕቶ ንናይ kurs B ከምኡውን 1 ሕቶን ካልእ ጽምዲ ሕቶታትን፣ ንናይ kurs Cን ናይ kurs Dን ክህልዎ እዩ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገባብ ኣተገባብራ ናይቲ ፈተና፣ መዓስ እቲ ፈተና ከም እትገብር፣ እቲ ፈተና ብኸመይ ከም ዚግምገም፣ ካብቲ መምህርካ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ። ናይቲ ፈተና ናይ ነጥቢታት ኣወሃህባ፣ ካብ A-E ደረጃታት ዘሎዎ ኰይኑ፣ ከምኡውን እቲ F ዚብል ነጥቢ፣ ተሪፉ ዚብል ደረጃ ነጥቢ ዚገልጽ እዩ።

ከም ተመሃራይ መጠን፣ እቲ ዝገበርካዮ ፈተና ክትርእዮን፣ ብኸመይ ከም ዝተገምገመን ክትፈለጥ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ናይ ተመሃሮ ናይ ፈተና ውጽኢት ምክትታል ግን፣ እቲ ነጥብታት ናይ ተመሃሮ ንደገ ንኸይወጽእ፣ እቲ መምህር ክጥንቀቐ ኣገዳሲ ነገር እዩ። እቲ ፈተና ኣብቲ ናይ ነጥቢ መዐቀኒ መሰረት ብምግባር እዩ ነጥቢ ዝወሃበሉ፡ ሓሊፍካ ወይ ጉድሸንት (G)፡ ተሪፍካ ወይ ኢከ ጉድሸንት (IG)።

## ናይዚ ፈተና ብዓል ሓላፍነት መን'ዩ

ቤትስልጣን ኣብያተትምህርቲ፣ ናይ ኩሉ ዚግበር ሃገራዊ ፈተናታት ሓላፍነት ዘሎዎ ንሱ እዩ። እቲ ምድላውን ኣቀዋውማን ናይቲ ፈተናታት፣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ስቶክሆልም ዚርከብ፣ "Institutionen för ämnesdidaktik"

ብዝተባህለ ትካል፤ ምስ ቤትስልጣን ኣብየተትምህርቲ ብምትሕግጋዝ ዝተሰርሐ እዩ። እቲ ትሕዝቶ ናይቲ ፈተናታት፤ ኣቐዲሙ ኣብ ነንበይነን ኣብያተትምህርቲ፤ ኣብ ምሉእ ሃገር ሸወደን ተጸኒዑ እዩ። እዚ ፈተና ኣብ ኢድካ ቅድሚ ምብጽሑ ውን፤ ኣብቲ ትሕዝቶኡ ካብ ተመሃሮን ካብ መምህራንን ዝቐረበ ርእይቶታት ተዋሂብዎ፤ ተኸሊሱን ብዕምቆት ተዘትዩሉን ዝተዳለወ እዩ። እቲ ፈተና ጽቡቕ ኰይኑ ክትረኽቦን፤ ነቲ ዘሎካ ፍልጠት ክተመሳኽረሉ እትኽእል ዕድል ውን ክፈጥረልካን ዘሎና ተስፋ ዓቢ እዩ።


ኣብ ቤትስልጣን ኣብያተትምህርቲ ናይ ርክብ ሓለፍቲ

nationellaprov@skolverket.se